

# ትንሳኤ ጐይታናን ትርጉሙን

ብመምህር ተኪአ መብራህቱ

ብዛዕባ "ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ትርጉሙን" ዚብል ኣርእስቲ በዘን ዝኽተላ ሓሙሽተ ዓበይቲ ነጥብታት ብምዝታይ እስከ ንዕመሞ፡፡

1. ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ ክርስትያን ሃይማኖት ርክቡ እንታይ እዩ? መሰረት፡ ሱር፡ ዛዛሚ ምኽኑ ንዛተየሉ፡፡
2. ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ታሪኻዊ ሓቂዶ፡ ማለት ዝኾነ ነገርዶ እዩ?
3. ታሪኻዊ ሓቂ'ውን እንተኾነ፡ ንኣና ብኸመይ ይምልከተና? ማለት ወንጌልዶ እዩ?
4. እንተ ደኣ ታሪኻዊ ሓቅን ወንጌልን ኰይኑ ብትንሳኤ ዘይኣምኑ ሰባት ብዛዕባኡ እንታይ ይብሉ፡ ስለምንታይከ?
5. መጠረፍታ

## 1. መሰረትን ሱርን ዛዛምን ምኽኑ ንዛተየሉ

ቀዳማይ፡ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ መሰረት እዩ፡፡ ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ክንዛተ ከሎና ተጠቒምናለን ዘሎና ሰለስተ ቃላት፡ መሰረት፡ ሱር፡ ዛዛሚ ዝብላ ንተዓዘበን፡፡ መሰረት ኪብሃል ከሎ ኣብ ምስትውዓልና ቅጅል ዝብል ህንጻ እዩ፡፡ እቲ እንርእዮ ህንጻ ገዛ ወይ ሰማይ ዝጥንቀጕር ወይ ካልእ ዓቢ፡ ንእኡ ንሓዋሩ ጸይርዎ ዘሎን ኪፍጸም ከኣ መበገስታ ዝኾኖን ዘይንርእዮ መሰረት ከም ዘሎ ንርዳእ። እቲ መሰረት ነቲ ህልውና እቲ ህንጻ ወሳኒ እዩ፡፡

ከምኡ ድማ እቲ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ መሰረት ናይ ወንጌል እዩ፡፡ እንተ ደኣ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ እተፈጸመ ታሪኻዊ ሓቂ ዘይኰይኑ ወንጌል ናይ ክርስትያን ሃይማኖት ከም ማሕ ኢሉ ንሓዋሩ ግብ ዝበለ በርቂ፡ ከም ተጀሚሩ ዝፈሸለ ዓቕዲ እዩ፡፡ እንተ ደኣ ትንሳኤኡ እተፈጸመ ታሪኻዊ ሓቂ ኰይኑ ግና ጸባ ሰተና፡፡ ማለት፡ ናይ እምነት መበገስታ እንገብረሉን እንሃንጸሉን ድልዱል ታሪኻዊ መሰረት ሓቂ ኣሎና፡፡ ሓቂ እንተ ደኣ ዘይኰይኑ ግና ከም ትግረ "ዘመትኮ" ዝብሎ፡ ዋይ ኣነ ንበል፡፡

ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ መሰረት ናይ ወንጌል ምኻኑ ምሉእ ሓዲስ ኪዳን ይነግረና፡፡ ንኣብነት፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ይ ቈረ 15 ብዛዕባዚ ኣስፊሑ ይምህር፡፡ ኣብ ጥቕሲ 14ን 15ን ዱብ ዘብለልና ዘረባታት ጽን ንበሎ፡ ከምዚ ዚብል፡ "ክርስቶስ ዘይተንስኤ እንተ ኾይኑስ፡ እምብኣርከስ ስብከትና ኸንቱ እዩ፡ እምነትኩም'ውን ከንቱ እዩ፡፡ ... ኣምላኽ ... ንክርስቶስ ዘየተንስኦ እንተ ኾይኑስ ... ንሕና ሓሰውቲ ምስክር ኣምላኽ ኴንና ንርከብ ኢና፡፡" እምብኣርከስ እቲ ታሪኻዊ ሓቅነት ትንሳኤኡ ስነ-መለኮታዊ ሓቂ እንሃንጸሉ፡ ወንጌል እነበስረሉ መሰረት እዩ፡፡

እታ ኻልኣይቲ ቃል ሱር ትብል ድማ ነስተብህለላ፡፡ ኵሉ ህይወት ዘለዎ ተኽሊ፡ ይንኣስ ወይስ ሰማይ ዝጥንቀጕር ይኹን፡ መንቀሊኡ፡ ምዕባዩ፡ ደመቱ፡ ኣብ ፍረ ምብጽሑ ዝውስኖ እቲ ሱር እዩ፡፡ ካልእ ኩሉ ተማሊኡ ሱሩ ዘይጠዓየ ተኽሊ ህልውና፡ ዕቤት፡ ፍረ ወይ ደመት ክህልዎ ኣይክእልን፡፡ ከምኡ ድማ እቲ ወንጌል ናይ ክርስትያን ሃይማኖት ዘይቕምስል ህላውነት፡ ዕቤት፡ ደመት፡ ፍረ ኣብ ህይወት ሰባት ዝህልዎ፡ ታሪኻዊ ሓቅነት ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ሰራውሩ ምስ ዝኸውን እዩ፡፡ ትንሳኤኡ መሰረትን ሰራውርን ናይ ወንጌሉ እዩ፡፡

እታ ሳልሳይቲ፡ ትንሳኤ ክንገልጽ ተጠቒምናላ ዘሎና ንስፌ እንጥቀመላ ዛዛሚት እትብል ቃል እያ፡፡ ነቲ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ከም ሱር ወይስ መሰረት ጌርና ክንስእሎ ከሎና ርክቡ ምስቲ ብድሕሪኡ ተኸቲሉ ዝሰዕብ ከነተኵር ይገብረና፡፡ ከም መዛዘሚ ክንርእዮ ከሎና ግና ርክቡ ምስቲ ቅድሚኡ ዘሎ ከነተኵር ይድርኸና፡፡ ምዝዛም ነቲ ክግስግስ ዝጸንሐ ዕዮ ናይ ስፌ ብመልክዕ ፈጺምካ ምጥርናፉ ይሕብር፡፡ ነቲ ብትንቢት ተነጊሩ ንኣሽሓት ዓመታታት እናገስገሰ ትጽቢት እተገብሮ መሲህነቱ፡ ነቲ መዘና ዘይብሉ መስተንክር ልደቱ፡ ነቲ መዘና ዘይብሉ ጸጋን ሓቅን ዝዓዘዞ ህይወቱን ኣገልግሎቱን፡ ነቲ በጃ ኰይኑ እተሰቕለሉ መስዋእቱ፡ ኣብ ጽቡቕ መፈጸምታ ኣብጺሑ ዝዛዝሞን ሓድሽ ትርጉም ዝህቦን ትንሳኤኡ እዩ፡፡

እሞኸ፡ ወንጌል ክህሉስ፡ ብሓቂዶ ተንሲኡ እዩ ዚብሃል ድልዱል መልሲ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ፡፡ ትንሳኤ፡ የሱስ ንሱ መን ምዃኑን፡ ምስቲ እምነትና ብእኡ ዘለዎ ርክብን ከም መሰረትን፡ ሱርን መዛዘምን ጌርና መሲልናዮ ኣሎና፡፡ ብቐዳሚነት ከነረጋግጾ ዘሎና ጒዳይ፡ እምብኣር፡ ብሓቂዶ ተንሲኡ እዩ ዚብል ታሪካዊ ሕቶ ይኸውን፡፡

## 2. <u>ትንሳኤኡ እተፈጸመ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ፡፡</u>

እቲ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ መሰረትን ሱርን ዛዛምን ካብ ኰነ፡ ብርግጽ ከም እተፈጸመ ከመይ ጌርና ንፈልጥ? ቅድሚ ብዛዕባ ኣብቲ ትንሳኤኡ ተሰሪቱ ዘሎ ወንጌል ምዝታይና ብዛዕባ እቲ ታሪኻዊ ሓቅነት ትንሳኤ፡ ብክልተ ኣዝዩም ዓበይቲ ነጥብታት ጌርና ንመርምሮ፡፡

ኣብ 2.1 በቲ ጥራዩ ዝጸንሐ መቓብር ንመራመር፡፡ ኣብ 2.2 በቶም እሙናት ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን፡ በቲ ምምስራትን ምቕጻልን ሃይማኖት ክርስትያንን ብዝብሉ ኣርእስትታት ተመራሚርና ንጭብጥና እውሓስ ኢልና ንርትዓሉ፡፡

ትንሳኤኡስ ኰይኑዶ እዩ? የሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ከም ዚተንስኣስ እንታይ ርግጽነት ኣሎና ዚብል ሕቶ ከነልዕል ከሎና፡ ናይ ታሪኽ ሕቶ ምዃኑ ንገንዘቦ፡፡ ስለዚ፡ ታሪኻዊ መልሲ ድማ የድልዩ፡፡ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ተፈጺሙ ካብ ዚብሃል ልዕሊ ክልተ ሽሕ ዓመታት ኰይንዎ፡፡ እንታይ መርትዖታት ሒዝና ኢና ኣመንቲ ኴንና ንርከብ? ንድገሞ እስከ፡፡ ታሪኻዊ ሓቅነት ናይ ትንሳኤ፡ ከም ካልእ ኩሉ ናይ ታሪኽ ሕቶታት፡ ታሪኻዊ መልሲ እዩ ዘድልዮ፡፡

ሓደ ሓደ ሰባት ኩሉ ሃይማኖታት ኪነ-ጥበብ (ኣርት) ደኣ እምበር ሳይንስ ስለ ዘይኰነ፡ ርግጽነት ታሪኻዊ መሰረቱ ንምርካብ፡ ከምዚ ጌርካ ብሳይንሳዊ መገዲ ምምርማር ዋጋ የብሉን፡ ዘድልየና እቲ ብስነ ሓሳብ ትንሳኤ እንረኽቦ ጥቕሚ ደኣ እዩ እምበር ብርግጽ ምትንስኡ ወይስ ዘይምትንስኡ ኣይኰነን ይብሉ፡፡ ቅድሚ ናብተን ክልተ ዓበይቲ ነጥብታት ምኻድና እቲ ንሳቶም ዝብልዎ በዞም ዝስዕቡ ክልተ መረድኢ ንስምዓዮ፡፡

ንኣብነት ከምዚ ይብሉ፡፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትሓሱ... ወዘተ፡ ብትኽ ዝበለ ትእዛዝ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ፡፡ እንተ ኾነ'ውን፡ ዘቕስነካ፡ ዕላማኻ ዝሰልጠልካ፡ ሽሻይካ ዚበዝሓልካ፡ ምምሕያሽ እትረክብ ብዝሙትን ሓሶትን እንተ ኾይኑኸ? ነቲ ዘለኻዮ ሕማቕ ኵነታት ናይ ጊዜኡ ወይስ ንሓዋሩ መፍትሒ እትረኽበሉ እንተ ኾይኑ መምዘኒኡ ንሱ እዩ ይብሉ፡፡ ምእማን ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ናይ ህይወት ጸገማት እንተ ፈቲሑልካ ጽቡቕ፡፡ እንተ ዘይፈቲሑልካ ድማ ካልእ ዚፈትሓልካ ሜላ ትረክብ ከም ዚብል ገይሮም ይወስድዎ፡፡ ነዚኣቶም፡ ኩሉ ሃይማኖት፡ ሓደ ካብቶም ንጸገማትካ መፍትሒ ክትረክብ እትጥቀመሎም፡ ሜላ እዩ፡፡ እዚ ፍልስፍና እዚ ሰይጣናውን ብተግባር ታእላው ዘይብሎም ሰባት ዝጥቀምሉን እዩ፡፡ ነቲ ሓቂ ብፍልስፍና ጥቕሚ ጥራይ ዝትርጕምዎ ተበለጽቲ ወይልኦም፡፡ ብጥቕሚ ክንኣምን ግቡእ እዩ፡፡ ግናኸ መሰረቱ ሓቂ ይኹን፡፡

ሓደ ኣእምሮኡ ዝሰሓተ ውላድ ዝነበሮም ስድራ ቤት፣ ኩሉ ሳዕ መጕሳ ዝመልእ ሕምባሻ ኣብ ክልተ እተጨደ ቅሩብ ገይሮም ዘቐምጡ ነይሮም። እቲ ወዶም፣ ጸጸኒሑ፣ እታ ገዛእ ርእሱ እተሰንከተት እንቋቑሖ ኰይና ምስ ተራእየቶ፣ "ኣነ እንቋቑሖ እየ፣" እናበለ ምዕግርጋር ይጅምር። ሽዑ ንሽዑ ወለዱ ነታ ጭዳድ ሕምባሻ ምስ ኣንጸፍሉ ኣብ ልዕሊኣ በጥ ይብል። ነታ ካልኣይቲ ጭዳድ ድማ ኣብ ልዕሊኡ የንብርሉ። ንቑሩብ ደቓይቕ "እምፖቲቶ" ከም ዚኾነ ይስምዮ። ብእኣ ተፈዊሱ፣ ባህ ኢሉዎ ይትንስእ። ዝተረፈ ጊዜ ድማ ጽቡቕ ይውዕል ወይ የምሲ። ንእኦም ኰነ ነቲ ውላዶም ፈውሲ ኰይና ዓ ይያትሎም። ምእማንና ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስከ ከምኡ ዓይነትዶ እዩ?

ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ድማ ከምኡ ገይሩ ንኣና ኣመንቲ ኣዕሽው ኣቢሉ ብሰላም፣ ብኣደብ፣ ብተስፋ፣ ብማሕበርትነት... ወዘተ፣ ዘንብረና እንተ ኾይኑ ጥቕሙ ፈጺሙ እዩ እሞ፣ ብታሪኻዊ ሓቅነት ናይ ቅድሚ 2000 ዓ መታት ዝኾነ ጕዳይ ኣይንከራኸር ይብሉና። ካርል ማርክስን ደሴኛታት ሰዓብቱን (ኮምዩኒስት)፣ ሓደ ሓደ ናይ ስነ-መለኮት ሊቃውንቲ፣ ስነ-ኣእምሮኣውያን (ሳይኮሎጂ ስትን) ኣስላም፣ ናይ የሆዋ መሰኻኽር፣ በሃያውያን ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ከምኡ እዮም ዝብሉ። እሞ ከምዚ ዝብሉና ብማእከላይ መርገጽዶ ንተዓረቕ ምሳታቶም?

ዘበት! ዘበት! ኣይፋልናን። ሓቂ ደኣ እምበር መዓሾ ኣይንደልን። ሃዋርያ ጳውሎስ ዘንጐድጕዶ መዳፍዓዊ መትከላዊ መልሲ ንስምዓዮ ከምዚ ዚብል፣ "ክርስቶስ ዘይተንስኤ እንተ ኾይኑስ፣ እምነትኩም ከንቱ እያ፣... ።" ርግጽ'ዩ ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ብምእማንና እንረኽቦ ሰላም፣ ቅሳነት፣ ተስፋ... ወዘተ፣ ብዙሕ እዩ። እንተኾነ'ውን ብምዕሻው እምነት እንረኽቦ ኣይኰነን። ክርስትያን ሃይማኖት ካብ ኩሉ ካልእ ሃይማኖታት ፍሉይ ዝገብሮ እቲ ንሱ ዘበስሮ ወንጌል፣ መሰረቱ እተፈጸሙ ታሪኻውያን ሓቅታት ስለ ዝኾኑ እዩ። ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ከኣ ሓደ ካብቶም እተፈጸሙ መሰረት እዩ። እምብኣርከስ፣ የሱስ ክርስቶስ ሞይቱስ ብርግጽ ከም ዝተንስአ መጕትና እንረትዓሎም ዚኽተሉ ዓበይቲ ጭብጥታት ኣለዉና።

2.1 ትንሳኤኡ ዝእምት ጥራዩ ዚጸንሐ መቓብር ኣሎ። የሱስ ክርስቶስ ተሰቒሉ ከም ዝሞተ፣ ኣብ ብወተሃደራት መንግስቲ እተሓለወ ፍሉጥ መቓብር ከም እተቐብረ፣ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ከኣ እቲ መቓብር ብዘይ እቲ ሬሳ ጥራዩ ከም ዚጸንሐ ፈተውቱን ጸላእቱን ዝእመንዎ ክዉን ታሪኻዊ ሓቂ እዩ። ኣበይ ኣትዩ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ሬሳ ናይ የሱስ? ፈተውቱ፣ ማለት ደቀ መዛሙርቱዶ ኾን ኣግዒዞምዎ? ጸላእቱዶ ኾን ኣግዒዞምዎ? ወይስ ብሓቂ ተንሲኡ እዩ? እቲ ሓቂ ካብ ሰለስቲኡ ሓዲኡ ኸሸውን ናይ ግድን እዩ።

ሀ. ፈተውቱ ኣግዒዞምዎ ከይብሃል፣ ዘይክእልሉ ኲነታት ነይሮም።

ሀ.1 ዘይድፈር ሓለዋ ነይሩ። ኣግዒዞምዎ ከይብሃል ብርቱዕ ሓለዋ ዝተገብረሉ መቓብር ከም ዝነበረ ንዘክር። ፈተውቱ ኣግዒዞምዎ ኢሎም ዝምጕቱ ኩላቶም ተረቲዖም እዮም ዝኸዱ። ብዛዕባ እቲ ብዘይ ሬሳ ዝጸንሐ መቓብር በዚ መግዲ እዚ መግለጺ ዝሃቡ ቀዳሞት ሰባት፣ እቶም ሽዑ ዝነበሩ ካህናትን ሊቃውንትን ኣይሁድ ነበሩ። እዚ መግለጺ እዚ ሓሶት ምዃኑ ብሰለስተ መገድታት ነስተብህለሉ።

ደቀ መዛሙርቱ መጺኦም ምእንቲ ከይሰርቁዎ፣ እቲ መቓብር፣ ብሓተታ እቶም ጸላእቱ ባዕሎም ብርቱዕ ሓለዋ ወተሃደራት ተገይርዎ ነይሩ። ብዛዕባ እዚ ወንጌል ማቴዎስ 27፡62-66 ከምዚ ይብለና፣
"... ሊቃውንቲ ኻህናትን ፈሪሳውያንን ናብ ጲላጦስ ተኣኪቦም፣ ጐይታይ፣ እቲ መስሓቲ ብህይወቱ ኸሎ፣ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ክትንስእ እየ፣ ከም ዝበለ ዘከርና። ስለዚ ደቀ መዛሙርቱ ብለይቲ መጺኦም ከይሰርቅዎ እሞ ንህዝቢ፣ ካብ ምዉታት ተንሲኡ፣ ከይብሉ፣ ካብታ ቀዳመይትስ እታ ዳሕረይቲ ስሕተት

ከይትገድድ፥ እቲ መቓብር ክሳዕ ሰለስተ መዓልቲ ኺሕሎ ኣዝዝ፥ በልዎ፡፡ ጲላጦስ፥ ሓለውቲ እነዉልኩም ኬድኩም ከም ፍልጠትኩም ኣጽኒዕኩም ሓልዉ፥ በሎም፡፡ ከይዶም ነቲ መቓብር ኣጽንዕዎ፥ ነቲ እምኒ ድማ ምስቶም ሓለውቲ ኹይኖም ማሕተም ገበሩ፡፡”

እንታዎት ኛለታት ደቀ መዛሙርቲ እዮም ሓለዋ ናይ ዕጡቓት ወተሃደራት መንግስቲ ዘለዉዎ መቓብር ሬሳ ክሰርቁ ኢሎም ዝደፍሩ? ስለምንታይከ? ሊቃውንቲ ኻህናትን ፈሪሳውያንን ብጕርሖም ሸናኺርናያ ኢና ኢሎም ይንየቱ ነይሮም ይኾኑ፡፡ ንጐራሕ ዝጐርሓሉ ኣምላኽ ስለ ዘሎ ግና ብተንኰሎም ብርቱዕ ሓለዋ ብምግባሮም ነቲ ሓቂ ኣምላኽ ኰላዕቱ ኾኑ፡፡

ብሕጊ ሮማውያን ኣብ ሓለዋኡ ዝዘንግዐ ወተሃደር ፍርዱ ሞት እዩ ነይሩ፡፡ እዚኣቶም ግና ስለ ዘይዘንግዑ፥ ቅድሚ ንመንግስቲ ምንጋሮም ነቶም ነዚ ጕዳይ እዚ ዝምልከቶም ሊቃውንቲ ኻህናትን ፈሪሳውያንን፥ በታ የሱስ ክርስቶስ ዝተንስኣላ ንግሆ ዝኾነ ነገርዎም፡፡ እዞም ጸላእቲ የሱስ ክርስቶስ ድማ ነቲ ዝኾነ ዓቢ ተኣምር ከመይ ገይሮም ከም ዝሸፈንዎ ማቴዎስ 28፥12-15 ከምዚ ይብል፡፡

“ንሳቶም ምስ ዓበይቲ (ሊቃውንቲ ካህናትን ባይቶን ማለቱ እዩ።) ተኣኪቦም ተማኺሮ፥ ነቶም ዓቀይቲ ኸኣ ብዙሕ ወርቂ ሃብዎም እሞ፥ ብለይቲ ደቂስና ኸሎና፥ ደቀ መዛሙርቱ መጺኦም ሰሪቖምዎ፥ ኢልኩም ንገሩ፡፡ እዚ ኣብቲ ሹም እንተ ተሰምዔ፥ ንሕና ኸነረድኦ፥ ንኣኻትኩም ድማ ከም ዘይትጕህዩ ኽንገብረኩም ኢና በልዎም፡፡ እቲ ወርቂ ተቐቢሎም፥ ከምታ ዝመሃርዎም ገበሩ፡፡ እዚ ዘረባ እዚ ኣብ ኣይሁድ ክሳዕ ሎሚ ይውረ ኣሎ፡፡”

ሀ.2 ድሁል ክሰርቕ ትብዓት የብሉን፡፡ ተዳሂሎም ስለ ዝነበሩ፥ ደቀ መዛሙርቲ ኣብ ክሰርቁ ዘይክእልሉ ኵነታት እዮም ነይሮም፡፡ ካብታ የሱስ እተታሕዘላ ዓርቢ ጀሚርካ ክሳዕ እታ ዝተንስኣላ ሰንበት ንግሆ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ዝነበርዎ ኵነታት ሬሳ ክሰርቁ ኣይክእሉን እዮም ነይሮም፡፡ ተዳሂሎም ይሃድሙን ይሕብኡን ራዕራዕ ይብሉን ደኣ ነበሩ እምበር፥ ንምስራቕ ዝደፍር ኣእምሮን መዓንጣን ኣይነበሮምን።

ሀ.3 እቲ ለውጢ ናይ ደቀ መዛሙርቲ ብስርቅን ሓሶትን ክግለጽ ኣይክኣልን እዩ፡፡ ሬሳ ሰሪቖም ክነሶም እናፈለጡ፥ ተንሲኡ ኢሎም ክሰብኩ ዘይመስል እዩ፡፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ፥ ኣብ ሳልስቱ፥ ካብታ ሰንበት መዓልቲ ጀሚሮም፥ ብሓቂ ተንሲኡ እዩ እናበሉ ከም ዝሰበኹን ብዙሓት ከኣ ከም ዝኣመንዎምን ንፈልጥ ኢና፡፡ ከምኡ ብምግባሮም ድማ በቶም ጸላእቲ የሱስ ዝነበሩ ሰበ-ስልጣንን ህዝብን ተገፊዖም፥ ተኣሲሮም፥ ተገሪፎም፥ ንብረቶም ተገቢቱ፥ ተባሪሮም፥ ተሰዊኦም እዮም፡፡ ባዕላቶም እተጣበብዎ ሓሶት እንተ ደኣ ነይሩ ኰይኑስ፥ እናፈለጡዶ ክንድዚ ምሰውኡ? ትንሳኤኡ ሓቂ ምዃኑ ርዱኣት እንተ ዘይነብሩስ፥ ተዳሂሎምን ተሓባእትን ሃደምትን ዝነበሩስ ኣብ ሳልስቲዶ ብስራት ዘለዎም ዕጡቓት ተጋደልቲ፥ ድምብርጽ ዘይብሎም በዳህቲ ምኾኑ? ብእተሰርቀ ሬሳ እዚ ተኣምራታዊ ለውጢ ናይ ህይወት ኣይመጽእን እዩ፡፡ እምብኣርከስ፥ እቲ መቓብር ኣብ ሳልስቲ ብዘይ ሬሳ ዝኾነ፥ ደቀ መዛሙርቱ ሰሪቖምዎ ኣይኰኑን፡፡ ካልእ ዝእመን ምስጢር ክህልዎ ናይ ግድን እዩ፡፡

ለ. ፈተውቱ ካብ ዘይሰረቕዎስ ጸላእቱኸ ሰሪቖምዎዶ ይኾኑ፥ እቲ መቓብር ብዘይ ሬሳ ዝጸንሐ? ከምዚ ኢልካ ምምዃት’ውን ከንቱ እዩ፡፡ ቀዳማይ፥ ፈተውቱ ከይሰርቁዎ እሞ ተንሲኡ ኢሎም ሓሶት ከይጣበቡ፥ ነቲ መቓብር፥ ብሓተታ ጸላእቱ ባዕሎም፥ ብርቱዕ ሓለዋ መንግስቲ ተገይርሉ ነይሩ፡፡ ንፈተውቲ ክዓግት እተገብረ ሓለዋ፥ ንጸላእቱኸ ኣይዓግቶምንዶ? ካልኣይ፥ ጸላእቲ ባዕላቶም ሓለዋ ክግበር ሓቲቶምን ከም ድላዮም ገይሮምን ክነሶምሲ፥ ተመሊሶም ሰረቕቲ ኰይኖም ክርከቡ ዘይመስል እዩ፡፡ ሳልሳይ፥ እቶም ጸላኣቲ ነቲ ሬሳ ምስ ኣግዓዝዎ፥ እቶም ደቀ

መዛሙርቲ ተዓሽዮም ዝተንስአ መሲሉዎም፡ ሓሶት ከበስሩ ከለዉ፡ እቶም ጸላእቲ ነቲ ዘግዓ ዝዎ ሬሳ ብጋህዲ ኣርእዮም፡ ሓሰውቲ ምዃኖም መሳጥሕዎ ነይሮም፡፡

ፈተውቱ ካብ ዘየግዓዝዎ፡ ጸላእቱ'ውን ካብ ዘየግዓዝዎ፡ ግናኸ እቲ መቓብር ኣብ ሳልስቲ ብዘይ ሬሳ ካብ ጸንሐ እቲ ሬሳ ኣበይ ኣተወ ኢልካ ኣጥቢ ቕካ ክሕተት ግቡእ እዩ፡፡ ተሪፋትና ዘላ ሳልሰይቲ ኣማራጭ ከምቲ መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን ዝብልዎ ብሓቂ ተንሲኡ እዩ እትብል እያ፡፡ ነዚ ብወተሃደራት ዚሕሎ ዝነበረ መቓብር፡ ኣብ ሳልስቲ፡ ብዘይ ሬሳ ምርካቡ ምስቲ ካልእ መርትዖታት ክንደማምሮ ከሎና ብርግጽ ከም ዝተንስአ ክንኣምን ይግባእ፡፡

ምስናይ ኣቐዲሞም እተዋህቡ ሓበሬታት፡ እቲ ሬሳ ኣብ መቓብር ዘይምጽንሑ፡ ብምኽንያት ፈተውቲ ወይስ ጸላእቲ ሰረቕቲ ከም ዘይኮነ ንእግረ መገዲ እንግንዘቦ ዮሃንስ ኣብ 20፡1-10፡ ሉቃስ ከኣ ኣብ 24፡12 ይህቡና፡፡ ዮሃንስን ሉቃስን ንሬሳ የሱስ ተጠምጢሞሞ ዝነበሩ መጋንዝን መኣረምያን ተኣርኒቦም ከም እተረኽቡ ይነግሩና፡፡

ንዘክር ድማ ኢና ከም ስርዓት ኣቀባብራ ኣይሁድ እቲ መኣረምያን መጋንዝን፡ ከም መጣበቒ (ኮላ)፡ ኣዝዩ ጥብቕ ከም ዚብል እዮም ዝገብርዎ ነይሮም። ኣየናይ ሌባ እዩ ጊዜ ወሲዱ ብክንድዚ ጥንቃቐ ኣጸባቢቑ ዚኸይድ? ኣይፋሉን፡ ናይ ፈታዊ ወይስ ናይ ጸላኢ ሰራቒ ኢድ የልቦን ኣብዚ፡፡ እታ ተሪፋትና ዘላ ኣማራጭ እታ ተንሲኡ እትብል መጕተ ጥራይ እያ፡፡

እቲ መቓብር ኣብ ሳልስቲ ብዘይ ሬሳ ምንባሩ ዝዓጽወልና መጕተ ብፈተውቲ ወይስ ብጸላእቱ ከም ዘይግዓዝ እዩ፡፡ ብሓቂ ከም ዝተንስኤ ግና ኣየረጋግጸልናን፡፡ እንተኾነ'ውን ተወሳኺ መርትዖታት ኣለዉና፡ ተደማሚሮም ከም ዝተንስአ ዘረጋግጹልና እሞ ናብኦም ነተኩር፡፡

2.2 እሙናት ናይ ትንሳኤኡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ኣለዉና፡፡ እቲ ሬሳ የሱስ ክርስቶስ ተሰሪቑ ከም ዘይተወሰደ ግናኸ ብሓቂ ከም ዝተንስአ ዝሕብሩልና ድማ እቶም እሙናት መሰኻኻር ዓይኒ እዮም፡፡ ናይ ዓይኒ ምስክር ምዃኖም ሃዋርያ ዮሃንስ ኣብ 1ይ ዮሃ 1፡1 ከምዚ ዚስዕብ ገይሩ የኽርሮ፡ "... ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ እቲ በዒንትና ዝረኤናዮ፡ እቲ ዝጠመትናዮ፡ ኣእዳውናውን ዘረምሰሳኦ፡ ብዛዕባ እቲ ቓል ህይወት፡" (የሱስ ክርስቶስ ማለቱ እዩ)፡፡ ሃዋርያ ጴጥሮስ ድማ ከም ሃዋርያ ዮሃንስ ናይ ዓይኒ ምስክር ምዃኑ ኣኽሪሩ እዩ ዚዛረበሉ ከምዚ እናበለ፡ "... ክንነግረኩም ከሎና፡ ነቲ ናይ ግርማኡ ብኣዒንትና ዝርኤናዮ ምስክር ኴንና ኢና እምበር፡ እተጣበብዎ ጽውጽዋያት ኣይሰዓብናን፡፡" (2 ጴጥ 1፡16)፡፡ ብናይ ብሉይ ኪዳን መምርሒ ዘከራኽር ነገር ዝዕጹ፡ ናይ ሞት ጕዳይ'ውን እንተኾነ፡ ብኣፍ ክልተ ወይ ሰለስተ መሰኻኽር እዩ፡፡ ምስክር ናይ ሓደ ሰብ ጥራይ፡ ሓቂ'ውን እንተኾነ፡ ኣኻሊ ኣይኮነን። (ዘሁ 35፡30፡፡ ዘዳ 17፡16፡፡ 19፡15 ተመልከቱ፡፡)

ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ድማ ዘዳዕድዔ መሰኻኽር ዘለዉዎ ጕዳይ እዩ፡፡ ዓሰርተ ጊዜ፡ ኣብ እተፈላለዩ ቦታታትን ኩነታትን፡ ንእተፈላለዩ ሰባት፡ ኣብ ውሽጢ ኣርብዓ መዓልቲ ተራእይዎም፡፡ መቓብር ብዘይ ሬሳ ጥራዩ ኰይኑ ኣበይ ደኣ ኣትዩ ኢሎም ክድንጽዎም ኣይሓደጎምን፡፡ ብወዝብን ኣጋጣምን ዘይኮነስ ምእንቲ ከም ዝተንስአ ክፈልጡን ክርድኦምን ደጋጊሙ ተራእይዎም፡፡ ሉቃስ ብዛዕባ እዚ ኣብ ግብ 1፡3 ከምዚ ይብል፡
"ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ርእሱ ከም ዘርኣዮምን...፡" ማለት፡ ዘይ ጠራጠሩን ርዱኣትን ርጉጻትን ኣመንቲ ምእንቲ ክኾኑ ዝገበረሎም ምግላጻት፡ ብዘይ ሰፊሕ ትንታኔ፡ ብጥርናፌ፡ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡፡

ሀ. ቅድም ንኣንስቲ ምግላጹ ትንሳኤኡ የረጋግጽ፡፡ የሱስ ምስ ተንስኤ፡ ወጋሕታ

ሰንበት፣ መጀመርያ እተገልጸለን ንኣንስቲ ነበረ፡፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ነዘን ኣንስቲ ንኹለን ብሓደን ብሓንሳእን ዘይኮነስ ብእተፈላለዩ ኵነታት ተራእዩወን፡፡ ማርቆስ 16፡1 ካብዘን ኣንስቲ ማርያም በዓልቲ መግደላን፣ ማርያም ኣደ ያእቆብን፣ ሰሎሜን ምንባረን ይጠቅስ፡፡ ሉቃስ ብዘይ እዘን ብስመን ተጠቒሰን ዘለዋ ሰለስተ ካልኦት'ውን ምንባረን ኣብ ሉቃስ 23፣ 55ን 56ን፡፡ 24፡1ን 10ን ከምዚ ኢሉ የተምብሆ።

"እተን ካብ ገሊላ ምስኡ ዝመጻ ኣንስቲ ድማ ስዒበን፣ መቓብሩን ስጋኡ ኸመይ ከም እተነብረን ረኣያ፡፡ ተመሊሰን ከኣ ሽቱን ቅዱይ ቅብእን ኣዳለዋ፡፡ ግናኸ ከምቲ ትእዛዝ ሕጊ ብሰንበት ዓረፋ፡፡ በታ ቐዳመይቲ መዓ ልቲ ሰሙን እቲ ዘዳለዋኦ ሽቱ ሒዘን፣ ካልኦትውን ምሳታተን ኣንጊሄን ናብቲ መቓብር መጻ፡፡ ... እተን እዚ ንሃዋርያት ዝነገራ ድማ ማርያም በዓልቲ መግደላን ዮሃናን ማርያም ኣደ ያእቆብን ምሳታተንውን ካልኦት ኣንስቲ እየን፡፡"

እዘን ኣንስቲ ናብቲ መቓብር ዝኸደን ምኽንያት ንሬሳ ስርዓት ኣይሁድ ክፍጽማ ደኣ እምበር ትንሳኤ ክርእያ ኣይኮናን፡፡ ምስ ከዳ ግና ዘይተጸበየኦ መስተንክር ነገራት በብወገነን ከም ዘጋጠመን እቶም ኣርባዕተ ወንጌላት የዘንትዉልና፡፡ ነቲ መቓብር ዓጽዩ ዝነበረ ዓቢ እምኒ ተገልቢጡ ከም ዝጸንሐን፣ እቲ መቓብር ብዘይ እቶም ምዱባት ሓለውቲ ከም ዝረኸባኦ፣ ተንሲኡ ኢሎም ዘበስርወን ብርቕርቕ ዝብሉ መላእኽቲ ከም ዝረኣያ፣ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ዘጋጠመን መስ ተንክራት ክነግራ ክኸዳ ከለዋ ኣብ መንገዲ የሱስ ባዕሉ ከም እተገልጸለን፣ ከም እተዛረበን፣ እግሩ ሒዘን ከም ዝሰገዳሉ ነገራኦም፡፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ደንጽይዎም ክሳዕ ዘጻርይዎ ከም ዘይኣመኑ፣ ኣርባዕተ ወንጌላት ኣዘንትዮምዎ ኣለዉ።

በታ ሰንበት ንግሆ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ኣብ መንጎ እቶም ሰብኡትን ኣንስትን ደቀ መዛሙርቱ፣ ኣብ ማእከል ህዝብን ኣመሓ ደርትን ካህናትን እስራኤል፣ ኣብ ቤተ መንግስትን ክንደይ ጭራሕ ምራሕ ከም ዝነበረ ክንግምቶ ይክኣል እዩ፡፡

ከምዚ ናይ ዘበንና ጋዜጠኛታትን፣ ሰብ ቪድዮን እንተ ዝነብሩስ እንታይ ኰን ምበልና ሕጂ! እንተ ዘይኮነ'ውን በታ ሽዓኣ ዝኾነት፣ ኣንስቲ ድማ ቀዳሞት መሰኻኽርን መበሰርትን ዝኾናሉ ፍጻሜ እንሆ ዓለም ምልእቲ ተለዊጣ ምህላዋ ናይ 2000 ዓመታት ታሪኽ ይምስክሮ ኣሎ፡፡

ትንሳኤ እተፈጸመ ታሪኽ ደኣ እምበር ናይ ክኢላታት ጸሓፍቲ ልበ-ወለድ ከም ዘይኮነ ብተወሳኺ ንእግረ መገዲ እንምልከቶ ባህላዊ ትዕዝብቲ ኣሎ፡፡ እዞም ጸሓፍቲ ኣርባዕ ተ ወንጌል ብባህሊ ኩሎም ኣይሁዳውያን እዮም።፣ ኣብ ክንዲ ታሪኽሲ ልበ ወለድ ይጸሕፉ እንተ ዝነብሩ፣ ነዚ ንምሉእ ዓለም ዝለወጠ ፍጻሜ ብስራት ዝነግራ ብቐዳሚነት ኣንስቲ ምንባረን ኣይምጽሓፉን፡፡ በቲ ሽዑ ኣብ ማእከል ኣይሁድ፣ ኣንስቲ ኣብ ከቢድን ዘናውጽን ጕዳያት ንምስክር ኣይበቕዓን እየን ዚብል ባህሊ ነይሩ፡፡ እቲ ውሩይ ኣይሁዳዊ ሊቅ፣ ዮሲፈስ ፍላቪዩስ፣ (37-100 ድ.ል.ክ.) ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፣ "ኣንስቲ ብፍጥረተን ባህረርትን ፈኰስትን ስለ ዝኾናስ ምስክረን ኣብ ከቢድን ዘናውጽን ጕዳያት ንፍርዲ ቅቡል ኣይኾኑን፡፡" እቶም ኣይሁዳ ውያን ጸሓፍቲ ወንጌል እዚ ክብሪ ናይ ምብሳር ትንሳኤ ንኣንስቲ ዝሃቡወን ታሪኽ ገዲድዎም ደኣ እምበር፣ ልበ ወለድ ይጸሕፉ እንተ ዝነብሩ ከምኡ ገይሮም ኣይምጸሓፉን ነይሮም፡፡ እዚ ክብረት እዚ ኣይምሃቡወንን ነይሮም። ኣምላኽ ግና ከም ምኽሩ ንባህሊ ስዒሩ እዚ ክብሪ እዚ ብመጀመርታ ንኣንስቲ ምሃቡ ዘተሓሳስብ እዩ፡፡

ለ. ምግላጹ ንኻልኦት፡፡ ድሕሪ ትንሳኤኡ፣ ክሳዕ ዕርገቱ ንሰማይ፣ የሱስ ክርስቶስ ንኣርብዓ መዓልትታት ኣብዛ ምድሪ (ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ገሊላን) ምጽንሑ ሉቃስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት የተምብሃልና ከምዚ ኢሉ፣ "ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕ

ባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ከም ዘርኣዮምን...።" (ግብ 1፡3) እምብኣር፡ ምስናይ ናይተን ኣንስቲ፡ እዞም ሉቃስ መፈለጥታ ዝብሎም ዘሎ ኣሕጽር ኣቢልና ንስርዓዮም።።

<u>ለ.1 ተመክሮ ጴጥሮስን ዮሃንስን</u>።። ጴጥሮስን ዮሃንስን በቲ ማርያም መግደላዊት ዝነገረቶም ተገሪሞም ናብቲ መቓብር ብጐያ ምስ መጹ፡ እቲ ዓቢ እምኒ ተገልቢጡ፡ ሬሳ ዘየሎ፡ መጋንዝ ብስርዓት ተኣርኒቡ ተነቢሩ ረኸቡ።። ደንጽዩዎም፡ እናተገረሙ ድማ ናብ ብጾቶም ተመልሱ።። ጌና ግና ኣይኣመኑን።። ዮሃ 20፡1-10። ሉቃ 24፡11-12 ተመልከቱ።።

<u>ለ.2 ተመክሮ ቀለዮጳን ብጻዩን ኣብ መገዲ ኤማሁስ</u>።። እቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ሰበ-ስልጣን ከይኣስርዎም፡ ብትን ብምባል ይሕብኡ ነይሮም። ቀለዮጳን ብጻዩን ድማ ምስይ ምስ በለ ካብ የሩሳሌም ግልል ክብሉ 7.5 ማይልስ (12 ኪሜ) ርሒቓ ናብ ዝነበረት ኤማሁስ፡ ንእሽቶ ዓዲ፡ በቲ ዝኾነ ደንጽይዎም ጠሊቖም እናተዛረቡ ክኸዱ ከለዉ፡ የሱስ ክርስቶስ ከየለለይዎ ኣብቲ ጕዕዞን ዝርርብን ተጸምበሮም።። ጋሻኦም ኰይኑ ድማ ናብቲ ዝሓድርሉ ምስኦም ተኣልየ።። ኣብ ገዛ ንመኣዲ ምስ ተቐረቡን ክባርኾሎምን ከሎ ድማ ንሱ የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ኣለለይዎ።። ኣብቲ ነዊሕ መገዲ፡ ንሰለስተ ወይስ ኣርባዕተ ሰዓታት ዝኣክል ብዛዕባ እቲ ዝኾነን፡ ነብያት ብዛዕባ እዚ ኣቐዲሞም እተነበይዎን እናተርጐመ ክሳዕ ልቦም ዝሞቐም የዕልሎም ነበረ።። ንሱ ምዃኑ ዘለለይዎ ኣብ መኣዲ ነበረ።። ምስ ኣለለይዎ ኸኣ ካባታቶም ተሰወረ።። ዝተጋጠሞም መስተንክር ንብጾቶም ክነግሩ ድማ ከይሓደሩ ናብ የሩስሌም ተመልሱ።። ብዛዕባ እዚ ሉቃስ ኣብ 24፡13-34 የዘንቱ።። ማር 16፡12 ድማ ተመልከቱ።።

<u>ለ.3 ተመክሮ ጴጥሮስ</u>።። ቀለዮጳን ብጻዩን ኣብ ኤማሁስ ከይሓደሩ ናብ የሩሳሌም ምስ ተመልሱ ተመክሮኦም ክነግሩ፡ እቶም ዓ ሰርተው ሓደ ሃዋርያትን ካልኦትን ተኣኪቦም ረኸቡዎም።። እዞም ተኣኪቦም ዝነበሩ ድማ ተቐዳዲሞም "ጐይታ ብሓቂ ተንሲኡ፡ ንስምኦን (ጴጥሮስ ማለት እዩ) እኳ ተራእይዎ፡" ኢሎም ኣበሰርዎም።። ብድሕሪኡ፡ ቀለዮጳን ብጻዩን ድማ ብግዲኦም ናታቶም ተመክሮ ኣዘንተዉ።። ሉቃ 24፡33-35።። 1 ቈረ 15፡5።።

<u>ለ.4 ተመክሮ ዓሰርተው ሓደን፡ ቀለዮጳን ብጻዩን፡ ተኣኪቦም ዝነበሩን</u>።። እዚኣቶም፡ ብፍርሃት ኣይሁድ ኣብ እተሸጐረ ገዛ ተኣኪቦም በበቲ ዘጋጠሞም ተመክሮታት እናተዘራረቡ ከለዉ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ማእከሎም ደው በለ እሞ፡ "ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን" በሎም።። ሉቃ 24፡36-43 ንመልከት ብዛዕባ እዚ፡ "ንሳቶም ድማ መንፈስ ዝረኣዩ መሲልዎም፡ ፈሪሆም ሰምበዱ።። ንሱ ኸኣ፡ እንታይ ኴንኩም ኢኹም እትስምብዱ፡ ከምዚ ዝበለ ሓሳብከ ስለምንታይ ኣብ ልብኹም ይለዓል? ኣነ ባዕለይ ምዃነይ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ርኣዩ።። ከምዚ ንኣይ ዘሎኒ እትርእይዎ ዘሎኹም፡ ንመንፈስሲ ስጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፡ ኣረምሲስኩም ርኣዩኒ፡ በሎም።። እዚ ኢሉ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ኣርኣዮም።። ንሳቶም ከኣ ተገሪሞም፡ ብሓጐሶም ምኽንያት ገና ምእማን ስለ ዝሰኣኑ፡ ንሱ፡ ገለ ዚብላዕዶ ኣብዚ ኣሎኩም? በሎም።። ንሳቶም ከኣ ምቃል ጥቡስ ዓሳን ጐጎ መዓርን ሃብዎ።። ተቐቢሉ ኣብ ቅድሚኦም በልዔ።።"

ቀጺሉ፡ ብትንሳኤኡ ርጉጻት ኣመንቲ ምስ ኰኑ፡ ንምሉእ ዓለም ወንጌል ከበስሩ ከዳልዎም ከም ዝጀመረ ኣብ ሉቃስ 24፡44-49 ነንብብ።። ምስናይ እቲ ሰለስተ ዓመታት ከም ደቀ መዛሙርቲ ምስኡ እተመላለስሉ፡ በዘን ካብ ትንሳኤ ክሳዕ ዕርገት ምስኦም ዝነበረለን ኣርብዓ መዓልትታት፡ ጽዑቕ ትምህርትታት እናሃበ ከም ዘዳለዎም ንርኢ።።

<u>ለ.5 ተመክሮ እቲ ዲዲሞስ ዚብሃል ቶማስ</u>።። ዲዲሞስ (ሳጓኡ እዩ) ዝነገሩ እንተ ነገሩ ብዓይነይ ከይረኤኹ ኣይኣምንን እየ በሃላይ፡ ከይኣምን ነቲ ኣእምሮኡ ቈልፍ

ኣቢልዎ እዩ ነይሩ፡፡ ምስክር እተን ኣንስቲ፡ ጥራዩ ዝጸንሐ መቓብር፡ ምስክር ናይ ቀለዮጳን ብጻዩን፡ ምስክር ናይ ጴጥሮስ፡ ምስክር ናይቶም ዓሰርተው ሓደን ምስኦም ዝነበሩን ከለዎ፡ ቶማስ ከይኣምን ንኣእምሮኡ ንሸሞንተ መዓልቲ ቍልፍ ኣቢልዎ ነይሩ፡፡ ኣይገርመኩምንዶ? ድሕሪ ሸሞንተ መዓልቲ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኣብ እተሸጐረ ገዛ ምስ ተኣከቡ ቶማስ ኣብኡ ነይሩ፡፡ እስከ ነንብቦ ብዛዕባኡ ኣብ ዮሃንስ 20፡24-28 ዘሎ ዛንታ፡

"...ቶማስ ...እቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርቲ ንጐይታ ርኢናዮ በልዎ፡፡ ንሱ ግና፡ ኣሰር እቲ ሽንካር ኣብ ኢዱ እንተ ዘይርኤኹ፡ ኣጻብዔይ ድማ ኣብቲ እተሸንከሮ እንተ ዘየእቶኹ፡ ኣብ ጐድኑውን ኢደይ እንተ ዘየእቶኹስ፡ ኣይኣምንን እየ በሎም፡፡ ድሕሪ ሾሞንተ መዓልቲ ... ቶማስ'ውን ምሳታቶም ነበረ፡፡ መዓጹ ተሸጒሩ ኸሎ፡ የሱስ መጺ፡ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉውን ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን በሎም፡፡ ...ንቶማስ፡ ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይውን ርኤ፡ ኢድካ ኸኣ ናብዚ ኣምጽእ እሞ ናብ ጐድነይውን ኣእትዋ፡፡ ኣማኒ እምበር፡ ዘይኣማኒ ኣይትኹን በሎ፡፡ ቶማስ መሊሱ ጐይታይን ኣምላኸይን፡ በሎ፡፡ የሱስ ከኣ፡ ሳላ ዝርኤኻኒ ኢኻ ዝኣመንካ፡ እቶም ከይረኣዩ ዚኣምኑ ብጹኣን እዮም፡" በሎ፡፡

ለ.6 ተመክሮ ኣብ ገምገም ባሕሪ ገሊላ፡፡ የሩሳሌም፡ ድሕሪ ትንሳኤ ዝነበራ መዓልትታት፡ ንቶም ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ክርስቶስ፡ እናረዓዱን እናተሓብኡን ዝቐመጡላ ከተማ ኰይናቶም ነይራ፡፡ ስለዚ እዩ የሱስ ክርስቶስ ንቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ምእንቲ ኣስተርሕዮም ከቕልብሉ፡ የሩሳሌም ሓዲጎም ናብ ገሊላ ግልል ክብሉ ሽዑ ንሽዑ ዝኣዘዞም (ማቴ 26፡32፡፡ ማር 14፡28፡ ተመልከቱ)፡፡ ነዚ እዋን እዚ ብዝያዳ እዩ፡ ሉቃስ ኣብ ግብ 1፡3 ዝጠቐሶ፡ "ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ እናነገሮምን ብብዙሕ መፈለጥታት ህያው ምዃኑ ከም ዘርኣዮምን ..." እናበለ፡፡ ሓደ ኣብነት ናይ እዚ ምግላጽ እዚ ዮሃንስ ኣብ 21፡1-23 ሂቡና ኣሎ፡፡

በዛ እዋን እዚኣ ጴጥሮስ፡ ቶማስ፡ ናትናኤል፡ ዮሃንስ፡ ያእቆብ፡ ክልተ ኻልኦትን፡ ሾውዓቲኦም፡ ምሉእ ለይቲ ሓደ ዓሳ ከይሓዙ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ዝሓደሩላ ነበረት፡፡ ምድሪ ምስ ወግሔ፡ ከየለለይዎ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ገምገም ባሕሪ ደበኽ በለ እሞ፡ "ደቀየ፡ ገለ ዚብላዕዶ ኣሎኩም፡ በሎም፡፡" የብልናን ምስ በልዎ፡ "ነቲ መርበብኩም ናብ የማን ኣቢልኩም ደርብይዎ እሞ ክትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም፡፡" ከም ዝበሎም ምስ ገበሩ፡ ምስሓቡ ክሳዕ ዝስእኑ፡ መርበቦም ብዓሳታት መልኤ፡፡ ዮሃንስ ሽዑ፡ ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት ዝኾነ ተመሳሳሊ ተኣምራት፡ ኣብ ሉቃስ 5፡1-11 ተመዝጊቡ ዘሎ ተመክሮ ዘኪሩ፡ የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ኣለለየ እሞ፡ ንጴጥሮስ፡ "ጐይታና እምበር እዩ፡" ኢሉ ሕሾኽ በሎ፡፡

ብድሕሪ እዚ ኩሎም ከም ዘለለይዎ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ገምገም ምስ ደቀ መዛሙርቱ ዓሳ ጠቢሶም ከም እተመገቡ፡ ምስ ኩላቶም፡ ብፍላይ ድማ ምስ ጴጥሮስ ኣንዊሑ ከም እተዛረበ፡ ከምኡ'ውን ምስ ዮሃንስ፡ ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 21፡15-23 ከነንብቦ ንኽእል፡፡ እቲ እተራእዮም የሱስ ክርስቶስ ከም በርቂ ማሕ ኢሉ ህልም ዝበለ ምትሃት ኣይነበረን፡፡ ሰዓታት ወሲዱ እዩ ምሳታቶም ተዛትዩ፡፡ ነዚታት እዩ ሉቃስ "ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ርእሱ" ኣርኣዮም ዚብለና፡፡

ለ.7 ምግላጹ ኣብ የሩሳሌምን ደብረ ዘይትን ቢታንያን ቅድሚ ዕርገት፡፡ በተን ኣርብዓ መዓልትታት፡ የሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ፡ መጀመርያ ንሒደት መዓልትታት ኣብ የሩሳሌም ተገሊጹሎም፡፡ ብድሕሪኡ እቲ ዝበዝሐ መዓልትታት ኣብ ገሊላ ተገሊጹሎም፡፡ ቅድሚ ዕርገቱ ድማ ንየሩሳሌም ተመሊሱ ተገሊጹሎም፡፡ እዚ ኣብ ሉቃ 24፡49ን 50ን፡፡ ግብ 1፡4-6ን 12ን፡፡ ኣብ 1 ቄረ 15፡4-8 ተኣሚቱ ንረኽቦ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብቲ ድሕሪ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመታት ድሕሪ ትንሳኤ የሱስ

ክርስቶስ ዝጸሓፎ 1 ቈረ 15፥5-8 ብዛዕባ ምግላጽ የሱስ ክርስቶስ ንእተፈላለዩ ሰባት ይጽሕፍ፡፡ ካባታቶም ንያእቆብን ንሓሙሽተ ሚእትን፡ ንጳውሎስ ባዕሉን ምስ ተንስአ ከም እተገልጸሎም ይጠቅስ፡፡ መን እዩ እዚ ብስም ተጠቒሱ ዘሎ ያእቆብ?

## ምግላጽ ንያእቆብ

ብዙሓት ያእቆባት ኣለዉ ኣብ ሓዲስ ኪዳን፡፡ እዚ እንዛረበሉ ዘሎና ያእቆብ ግና ሓደ ካብቶም ብስጋ ኣሕዋት ወይ ኣዝማድ የሱስ ዝብሃሉ እዩ፡፡ እዞም ኣሕዋቱ ወይ ኣዝማዱ ዝብሃሉ፡ የሱስ ንሱ እቲ ብስጋ ሓዎም ደኣ እምበር መድሓኒ ዓለም፡ ክርስቶስ (መሲህ)፡ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ክሳዕ ትንሳኤ ኣይኣምኑን ነይሮም (ማር 6፥1-6)፡፡ የሱስ ክርስቶስ ተንሲኡ ምስ ተገልጸሉ ግና፡ ያእቆብ፡ ኣማኒ ከም ዝኾነ ጳውሎስ ዝሓበረልና ርኢናዮ ኣሎና፡፡ ኣማኒ ጥራይ ዘይኮነስ ናይታ ፈለማ ኣብ የሩሳሌም እተመስረተት ማሕበር ክርስትያናት ድማ መራሒ ከም ዝነበረ ካብ ገላትያ 1፥19፡፡ ግብ 12፥17፡፡ 15፥19--23 ኣንቢብና ክንርድኦ ንኽእል፡፡

## ምግላጽ ን500 ሰባት

እቶም ኣርባዕተ ወንጌላት ዘይጠቕስዎ፡ ጳውሎስ ግና ዝጠቕሶ፡ የሱስ ክርስቶስ ንሓሙሽተ ሚእቲ ሰባት ብሓደ እዋን ከም እተራእየ ድማ ምስክር ናይ ጳውሎስ ኣሎና፡፡ ጳውሎስ ድማ ዝእመን ሰብ እዩ፡፡

## ምግላጽ ኣብ እዋን ዕርገት

በዚ እዋን እዚ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ቃል ስንብታን ሕድርን ምስ ሃቦም፡ መሪሕዎም ካብ የሩሳሌም ናብ ቢታንያ ገጹ ኣቕንዐ፡፡ ካብኡ ድማ ናብቲ ብሸንኽ ምብራቕ የሩሳሌም ዝነበረ ከረን ደብረ ዘይቲ ቀጺሉ፡ ካባኡ ንሰማይ ዓረገ፡፡ በዚ እዋን እዚ ዝኾኑ ነገራት፡ ብሓጺሩ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡፡

ቅድሚ ሕጂ፡ ቅድሚ ዓመት ኣቢሉ ብዛዕባ እቲ ኪቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ ቅዱስ ምሂርዎም ነይሩ፡፡ በዚ እዋን እዚ ግና እቲ ዘተስፈዎም መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ከም ዝልኣኸሎም እናኣተስፈወ ካብ የሩሳሌም ከይወጹ ይእዝዞም፡፡

ሓደ ክሳዕ ሕጂ ዘይበርሃሎም ዝነበረ ኣዝዩ ዓቢ ሕቶ፡ ብዛዕባ ትንቢትን መንግስቲ እስራኤልን ሓቲቶምዎ ዝሃቦም መልሲ ድማ ኣብ ግብ 1፥7-8 ነንብቦ፡፡

ሕድሪ ናይ ምብሳር ወንጌል ንኹሉ ዓ ለምን፡ "እንሆ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ፡" ዚብል ተስፋን ሂቡ፡ እናባረኾም ናብ ሰማይ ዓረገ፡፡ በዚ እዋን እዚ ወንጌላዊ ሉቃስ ኣብ ግብ 1፥12-15 ከም ዚሕብሮ 120 ሰባት (ሰብኡትን ኣንስትን) ምንባሮም ንፈልጥ፡፡

<u>ለ.7 ተመክሮ ጳውሎስ</u>፡፡ ጳውሎስ ኣብታ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ናብ ሰብ ቈረንቶስ ብ55 ድ.ል.ክ. ኣቢላ እተጻሕፈት፡ ኣብ ምዕ ራፍ 15፥5--8፡ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ካብ መቓብር ምስ ተንስኤ ዝረኣይዎ ዝርዝር ይህብ፡፡ ሽዑ ኣብ ሻምናይ ጥቕሲ "... ድማ ... ንኣይ ተራእየኒ፡" ይብል፡፡ ጳውሎስ ካብቶም በሹሪ ደቀ መዛሙርቲ ኣይነበረን፡፡ ንሱ ኣማኒ ዝኾነ ብ37 ድ.ል.ክ.፡ ኣርባዕተ ዓ መት ድሕሪ ዕርገት የሱስ ክርስቶስ ናብ ሰማይ እዩ። እሞ መኣስ ደኣ እዩ ተራእይዎ? ንጳውሎስ እተራእዮ፡ ጳውሎስ ንደቀ መዛሙርቲ የሱስ ክርስቶስ ከጥፍእ ካብ የሩሳሌም ንደማስቆስ ክኸይድ ከሎ እዩ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ኣብ ግብረ ሃዋርያት ምዕራፍ ትሽዓተ ተጻሒፉ ንረኽቦ፡፡ ነቲ ሽዑ ዝተጋጠሞ ተመክሮ ዘኪሩ ብዛዕባኡ ድሕሪ 18 ዓመታት ክጠቕሶ ከሎ የሱስ ከም እተራእዮ ይዛረብ፡፡

እምብኣርከስ፡ እዞም ቀዳሞት ደቀ መዛሙርቲ፡ የሱስ ክርስቶስ ከም ዝተንስኤ፡ ህያው ከም ዝኾነ፡ ብብዙሕ መፈለጥታታት ስለ እተገልጸሎም ሚእቲ ካብ ሚእቲ ርዱኣት እዮም ነይሮም፡፡ ትንሳኤኡ ታሪኻዊ ሓቂ፡ ዝኾነ፡ እተፈጸመ ነገር እዩ ነይሩ ንኣታቶም፡፡

ንኣና ድማ ዝእመን ምስክር ሓዲጎምልና ኣለዉ።

**<u>2.3 ሃይማኖት ክርስትያን ከመይ ኢሉ ከም እተመስረተን ምቕጻሉን ትንሳኤኡ ብርግጽ ከም ዝኾነ የረጋግጽ</u>።** ተጠቒሱ ዘሎ ነጥቢ ርእሱ ዝኸኣለ ታሪኻዊ ሓተታ፡ ሰፊሕ ምርምርን መልስታትን ተዋሂብዎ ኣሎ ኣብ ብዙሓት መጻሕፍቲ። ንኣና ዘድልየና እቲ ዋና ነገሩ ከም ሓደ ካብቶም ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ እንረትዓሉ ጭብጢ ምኳኑ <u>ምትምባሁ</u> ጥራይ እዩ።

ክርስትያን ሃይማኖት የሱስ ክርስቶስ ከም ዝተንስኤ ብምእማን እተለወጡ ደቀ መዛሙርቲ እዩ ጀሚሩን ገስጊሱን። የሱስ ንኽስቀል ምስ ተታሕዘ እቶም ደቀ መዛሙርቲ "ኵሎም ሓዲጎምዎ ሃደሙ" ይብለና ማርቆስ 14፡50። እተን ኣንስቲ፡ በታ ክርስቶስ ዝተንስኣላ ሰንበት ንግሆ፡ ነቶም ፈሪሆምን፡ ሓዚኖምን ተሓቢኦምን ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ተንሲኡ ዚብል ብስራት ሒዘናሎም ምስ መጻ፡ "እዚ ዘረባ እዚ ኣብ ቅድሚኦም ዕሽነት መሲሉ ተራእዮምምስ ኣይኣመኑወንን፡" ይብለና ሉቃስ 24፡11። ከምኡ'ውን፡ ካብ ሉቃ 24፡13--24 ከም እንምልከቶ፡ እቶም በታ ዕራርቦ ሰንበት ትንሳኤ ካብ የሩሳሌም ንኤማሁስ ብምግራም እናኣዕለሉ ዝኸዱ ዝነበሩ ክልተ ደቀ መዛሙርቲ፡ እቲ ወረ ናይ ትንሳኤ ደንጽይዎም ምእማኑ ስኢኖም ነይሮም። ቶማስ ደኣ ቅሩብ ኣብዚሕዎ እምበር፡ ኩላቶም ብቐሊል ኣመንቲ ኣይነበሩን። ዝኣመኑ ብብዙሕ መፈለጥታ ህያው ምኳኑ፡ ከም ዝተንስአ ስለ ዘረድኦም እዮ።

የሱስ ብዛዕባ ትንሳኤ ምሂርዎም እኳ እንተ ነበረ፡ ፈጺሞም ኣይተረድእዎን እዮም ነይሮም ከምዚ ምኳኑ። ኣብ ሓሳቦም ስለ ዘይነበረ ንምእማኑ ሸገሮም። ምስናይ'ዚ፡ ካብታ የሱስ እተታሕዘላ ዓርቢ ጀሚሮም ብፍርሂ ሰበ ስልጣንን ህዝብን ተዳሂሎም፡ ተስፋ ቈሪጾም፡ ጕህዮም ዝሕብኡ ሰባት እዮም ነይሮም። እሞኸ ደኣ ከመይ ኢሎም ኣብ ሳልስቲ፡ ሰንበት ንግሆ ጀሚሮም ሕጉሳት፡ ተበዓት፡ ሰብ ተስፋ ኰይኖም ተለወጡ? ክሳብ ሞት ከም ዘብጽሖም እናፈለጡስ፡ ከመይ ኰይኖም ደይመደይ ኢሎም፡ ብትብዓት፡ የሱስ ክርስቶስ ተንሲኡ እዩ ኢሎም ስብከት ጀመሩ? ሓደ መልሲ ጥራይ ኣለዎ። <u>የሱስ ክርስቶስ ከም ዚተንስአ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ፈሊጦምን ተረዲኦምን ኣሚኖምን ስለ ዝነበሩ እዩ።</u>

እዞም ቀዳሞት ኣመንትን መበሰርቲ ወንጌልን ዝነበሩ ትንሳኤ ንዲማ ምእንቲ ክንዝክሮን በረኸቱ ክነለልዮን ብርቱዕ ቃልስታት ተቓሊሶም፡ ዓበይቲ መስዋእትታት ከፊሎም ነቲ ክሳዕ ሕጂ ዝግስግስ ዘሎ ወንጌል ተኺሎምልና። ምስናይ'ዚ ሰለስተ ከነዘውትሮም ዝግብኣና ስርዓታት፡ ህያዋን ሓወልትታት ከኣ ዝኾኑ፡ ሓዲጎምልና ትንሳኤኡ ዘወትር ዘዘኻኽሩና። ቀዳመይቲ መዓ ልቲ ሰንበት ንቤት ኣምላኽ እኻኸደላ መዓልቲ ክትከውን ኣብነት ሓዲጎምልና።

መዓልቲ ሰንበት ዘተሓላልፈልና ዲማዊ መልእኽቲ የሱስ ክርስቶስ በታ ሰንበት ንግሆ ከም ዝተንስአ እዩ። ካልኣይ፡ ጥምቀት ምስናይ ካልእ ትርጕሙ፡ ትንሳኤኡ እንዝክረሉ እዩ። እቲ ዝጥመቕ ኣብቲ ማይ ምጥላቑ ካብኡ ድማ በሎኽ ምባሉ ትንሳኤኡ ክንዝክር እዩ። ሳልሳይ ቅዱስ ቍርባን ድማ ሞቱን ትንሳኤኡን እንዝክረሉ፡ እነመስግነሉ፡ እንባረኸሉ ስርዓት እዩ።

| |
|---|
| እዚ ቐጻሊ ትምህርቲ እዩ። ካልኣይ ክፋል ኣብታ እትመጽእ ሕታም ክቐጽል እዩ። |

